# ይኣክል !



## ይኣክል ካብ ህዝቢ ካንቶን ኑሻተል

ኣብ ዕለት 22.04.2019 ህዝቢ ካንቶን ኑሻተል ተኣኪቡ፡ ከም'ቲ ኣብ ዝተፋላለየ ካንቶናት ስዊዝን ፣ዞባ ኤውሮጳን፣ዞባ ሑቡራት ኣመሪካ፣ኣስያ፣ ኣውስትራሊያን ኣፍሪቓ ዝካየድ ዘሎ ጽዊዒታት ህዝቢ **ይኣክል** ዝብል ዓሚቕ ሓሳብ ዘጠቓልል ፤ ብድሆ ብወገን ህዝቢ ካንቶን ኑሻተል እውን ኣስሚሩሉን ጽዊዒቱ ኣቕሪቡ፡፡

ይኣክል ንውልቀ መላኺ ስራዓት ኢሳያስ

ይኣክል ሓሰረ መከራ ህዝብና

ይኣክል ብዘይ ቅዋም ምምሕዳር

ኡሱራት ባዕልና ክንፈትሖም ኢና

ቅዋም ባዕልና ክነተርጉሞ ኢና

ዶብና ባዕልና ክሕንጸጽ ክንገብር ኢና

ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን ደሞክራስን ክነግስ እዩ

ልእላውነት ሃገርና ኣሕሊፍና ኣይንሕብን

ሓድነት ህዝብና ክንዕቅብ ኢና

ዝመስሉ ጭርሖታት ብዓውታ ክጽውዑ እንከለው፡እቲ ኣገዳሲ ግን ካብ ሎሚ ንንየው

እንታይ ክንገብር ይግባእ፣ ዝብል ህዝባዊ ዘተ ተኻይዱ፡፡

ኩሉ እቲ ተረኺቡ ዝነበረ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ስነ ሓሳብን ድሌትን ናብ ግብሪ ክንሰጋገር ይግባኣና ፡፡ ንመጻኢ ከም ህዝቢ ተሰሊፍና ካንቶን ኑሻተል ናይ ፍትሒ ተቃለስቲ ተዋሳእቲ ክንከውን ኣሎና፡፡

ብካንቶን መልክዕ ተጠርኒፍና ፣ዕላማና ኣነጺርና፣ መደበ ስርሓትና ነዲፍና ፣ክጠምሩና

ዝኽእሉ፡ህንጻ ሕጊ ተሊምና፡ንዕኡ ዘካይዱ ሓላፍነት ዝስከሙ መሪሕነት እንመርጸሉ ባይታ ምድላው ይግባእ ዝብሉ ሙሉእ ብሙሉእ ተሳማምዕና፡፡

ንዕለት 01.05.2019 ቆጸራ ብምሓዝ ናብኡ እተሰጋግር ናይ ጎስጓስ ሽማግለ ብ6 ሰባት ዝቖመት፣ደቂ ኣንስትዮ ዝተሓወስኦ መሪጽና፡፡

ሑጉስን ስኒት ዝመሎን ኣኼባ፣ተቐራብነትን ድልየት ቃልስ ዝመልኦ ሃዋሁ እዩ ተኻይዱ፡፡

ኩሉ ዝተጋብኤ ዜጋ ንኣብ ጥቓኡ ዝቕመጥ ክሕብርን ናይ ጎስጓስ ግደ ክዋሳእ ከም ዘለዎ ብምምሕጻን ኣኼባ ተደምዲሙ፡፡

ጊዝያዊቲ ጎስጓስ ሽማግለ ካንቶን ኑሻተል